




ምመ ተኪኤ መብራህቱ

መልእኽቲ ወንጌል ኣብ ክልተ ዓበይቲ ሓቅታት ተጠርኒፉ ከም እንረኽቦ ኣብቲ ዝሓለፈ “ብስራት” ሕታም ቁ. 51፡ ጠቒስናዮ ኔርና። እቶም፡ ሓቅታት ድማ፡

1. የሱስ ክርስቶስ ከም ዝመጸ፡
2. የሱስ ክርስቶስ ከም ዝምለስ ከም ዝነግሩ ኣስተብሂልና።

ኣብዛ ሕታም እዚኣ እምበኣር፡ ኣብ ትእምርትታት ዳግማይ ምጽኣት ናይ የሱስ ክርስቶስ ከነተኩር ኢና።

## ቤተ-ክርስትያን - 1ይ ቅጽል።

ኣብ ላዕሊ ተተንቢሁ ከም ዘሎ፡ ቀድሚ ሕጂ፡ ንዳግማይ ምጽኣት ናይ የሱስ ክርስቶስ ብዚምልከት፡ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው ተመልኪትና ኔርና። እዚ ድማ . . .

1. እቲ ምምላሱ ዘዳዕድዔ ትንቢታዊ መልእኽቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምኻኑ ተዛቲናሉ። ከምቶም ኩሎም ብዙሓት ትንቢታት ብዛዕባ ቐዳማይ ምጽኣቱ በብሓደ ብመስተንከር ኣገባባት እተፈጸሙ፡ እቶም ንዳግማይ ምጽኣቱ ዚምልከቱ ኲሎም ከም ዚፍጸሙ ድማ ኣስተብሂልናሉ።
2. እቲ ትንቢታዊ ትምህርቲ ናይ ዳግማይ ምጽኣቱ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ከምዚ ዝስዕብ ጌርና ዓሚምናዮ ከም ዝነበርና ዚዝከር እዩ።

2.1. ተደጋጊሙ እተነግረ ትንቢት ምኻኑ፡

2.2. መሰረታዊ እምነትን ትምህርቲ ናይ ብሉይን ሓዲስ ኪዳንን ምኻኑ፡

2.3. ዲማዊ ሓቂ ምኻኑ፡

2.4. ቈላሕታ ኣመንቲ ናይ ኩሉ ዘበናት ምኻኑ፡ ኣስተብሂልናሉ።

## ትእምርቲ ቤተ-ክርስትያን

የሱስ ክርስቶስ ምኣስ ኪምለስ እዩ ዚብል ሕቶ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣቱ ዚምልከት ከም ምኻኑ መጠን ቀጺልና ኣብኡ ነተኩር። ብመሰረቱ፡ ‘ምኣስ’ ኢልና ምሕታትና ዘይግቡእ ኣይኰነን። ደሓር ከኣ፡ ወንጌል ማቴዎስ እውን ከምኡ ኢልና ንኽንሓትት ይፈቕደልና እዩ።

> “ኣብ ደብረ ዘይቲ ተቐሚጡ ከሎ፡ ደቀ-መዛሙርቱ ብሕት ኢሎም፡ እዚ መኣዝ ኪኸውን እዩ? ትእምርቲ ምምጻእኻን መወዳእታ ዓለምንከ እንታይ እዩ እናበሉ ናብኡ ቐረቡ” (ማቴ 24፡3)።

እምበኣር፡ ዳግማይ ምጽኣት ናይ የሱስ ክርስቶስ ብትእምርቲ እተሰነየ ከም ዚኸውን፡ ነዚ እተሓበረ ትእምርቲ ብምልላይ ድማ ዳግማይ ምጽኣቱ ከም ዝቐረበ ኽንፈልጥ ከም እንኽእል መጽሓፍ ቅዱስ ዘረጋግጾ እዩ።

ብሓፈሽኡ፡ ትእምርቲ ምልክት የስምዕ። እሞ ነዞም ዳግማይ ምጽኣቱ ይቐርብ ከም ዘሎ ምልክታት ዝኾኑ፡ ትእምርትታት ዳግማይ ምጽኣቱ ዚብል ስም ሂብናዮም ኣሎና። እቲ ሕጂ ኣተኲርናሉ ዘሎና ሓደ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተዋሂቡ ዘሎ፡ ትእምርቲ ቤተ-ክርስትያን ዚብል ስም ለጢፍናሉ ዘሎና እዩ።

ብዛዕባ ትንቢታት ቤተ-ክርስትያን ከም ትእምርቲ ናይ ምቕራብ ምምጻኡ በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ተኸታቲልና ብምዝታይ ክንዓምሞ ኢና።

1. ዲማዊ መልክዕ ቤተ-ክርስትያን፡
2. ኣፖስተስያ ቤተ-ክርስትያን፡
3. ነዳይነት ቤተ-ክርስትያን፡
4. ዓለማውነት ቤተ-ክርስትያን፡
5. ጸበባን ምስክርን እታ እምንቲ ኤክለሲያ፡
6. ሃይማኖት ብዘይ ኣምላኽ፡

እዚ ሽዱሽተ ምልክታት፡ ንቤተ-ክርስትያን ብዚምልከት፡ ዳግማይ ምምላሱ ኣዝዩ ይቐርብ ከም ዘሎ ዝምህረና እዩ።

## 1. ዲማዊ መልክዕ ቤተ-ክርስትያን

እቲ ቤተ-ክርስትያን ክትመስሎ ዘለዋ ብየሱስ ክርስቶስ በኸርን ናይ ሓዋሩን መልክዓ እተሓንጸጸ ኣሎ። ነዚ መልክዕ እዚ እምበኣር ዲማዊ መልክዕ ቤተ-ክርስትያን ሰሚናዮ ኣሎና። ትንቢት ድማ እታ ቤተ-ክርስትያን ነዚ በኹሪ እተሓንጸጸ መልክዕ ክሳዕ ክንደይ ከም እትሕልዎ ወይስ እትድውኖ ዝነግረና እዩ።

እቲ ካብቲ ዝተዋህበ ሕንጻጽ ለውጥታት መልክዕ ናይ ቤተ-ክርስትያን እቲ ምምላሱ ኣዝዩ ከም ዝቐረበ ዚሕብር ምልክት እዩ። ኣቐዲምና እቲ ዲማዊ መልክዕ ናይ ቤተ-ክርስትያን ነለልዮ። እምበኣር ከም ፍቓድ ኣምላኽ፡ ከም ትምህርቲ ሓዲስ ኪዳን፡ ቤተ-ክርስትያን. . .

- ቅዱስ ህዝቢ ኣምላኽ እዩ።
- ሓደ እምነተ ስላሴ ዝጸጋኡን ዝመሰረቱን እዩ።
- ኣጋፐኣዊ ተመክሮ ጸጋ ዝጠርናፊኡ እዩ።
- ካቶሊካዊ ዝደምቢኡ እዩ። እዚ ማለት ድማ ደረታት ናይ ዓሌታት፡ ቋንቋታት፡ ጾታታት፡ ባህልታት፡ ስርዓታት ደርብታት፡ ዘበናት፡ ሃገራት፡ ዞባታት፡ ጉጅለታት፡ ሻራታት ወዘተ፡ ጥሒሱ፡ ንኹሎም ኣመንቲ ክርስቶስ ከም ሓደ ስድራ ዝሓቑፍ ማሕበር ማለት እዩ።

"ክርስቶስ ኵሉን ኣብ ኵሉን እዩ እምበር፡ ኣብኡስ ጽርኣውን ኣይሁዳውን፡ ግዝረትን ዘይግዝረትን፡ ባርባርን ስኪትን፡ ባርያን ጭዋን የልቦን" (ቈሎ 3፡11)።

እታ ቤተ-ክርስትያን (ማሕበር ኢሉ ዝሰምያ ሓዲስ ኪዳን)፡ ከም ትምህርቲ ሓዲስ ኪዳን መልክዓ፡ ብተወሳኺ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና፡ ከምዚ ዚስዕብ እዩ።

ሀ. ኦርቶዶክሳዊት፡ ሃዋርያዊት ማሕበር እያ። ኦርቶዶክሳዊ ማለት ሓቂ ትምህርቲ ክርስቶስ፡ ልዕሊኡ ይግባኝ ዘይትብለሉ እዩ። ሃዋርያዊት ኪብሃል ከሎ ድማ እዚ ሓቂ እዚ ሓንሳእን

ንሓዋሩን ነቶም ሃዋርያት ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ እተዋህበ ዘመልክት እዩ።

እዚ ሃዋርያዊ ኦርቶዶክሳዊ መልክዕ ናይ እታ ቤተ-ክርስትያን፡ ከም መዝገብ፡ ብሉይን ሓዲስን ኪዳናት ተባሂሉ ተዓቝሩልና ኣሎ።

ለ. <u>ዲማዊት እያ።</u> ዲማዊት ክንብል ከሎና፡ መዋእል እታ ቤተ-ክርስትያን የመልክት። ማሕበር ክርስቶስ ዘለኣለማዊት ኣሪጋ ዘይትሓልፍ፡ ወትሩ ዘላ፡ ተጻባእቲ ኸጥፍእዋ ከቶ ዘይክእሉ እያ።

ሐ. <u>ወንጌላዊት እያ።</u> ክሳዕ እቲ የሱስ ክርስቶስ ዚምለስን ብድሕሪኡን፡ ወንጌል የሱስ ክርስቶስ ብእተፈላለየ ኣገባባት ምብሳርን ምኽስኳስን፡ ወንጌል የሱስ ክርስቶስ ተልእኾ ናይታ ቤተ-ክርስትያን ክርስቶስ እዩ።

ዘበናት እናገስገሰ ኪኸይድ ከሎ፡ እታ ቤተ-ክርስትያን ካብዚ እተሓንጸጸ ዲማዊ መልክዕ ኽትርሕቕ እያ። እዚ ምርሓቕ ካብቲ ዲማዊ መልክዕ፡ ምልክት ናይ ምቕራብ ምምላሱ የመልክት።

## 2. "ኣፖስተሲያ" ቤተ-ክርስትያን

ዘበን እናሰጕመ ኪኸይድ ከሎ፡ እታ ቤተ-ክርስትያን ካብቲ እተሓንጸጸ ዲማዊ መትከላትን ሓቅታትን ጸጋታትን ተልእኾታት ወንጌልን ኣዝያ እናረሓቐት ክትዘብል እያ። ነዚ ድማ "ኣፖስተስያ" ዚብል ፍሉይ ቃል ግሪኽ ተዋሂብዎ ኣሎ። ነዚ ዘበን "ኣፖስተሲያ" ከመልክት ከሎ ጳውሎስ ኣብ 1ይ ጢሞ 4፡1፡

> "በቲ ዳሕራይ ዘመናት ግና ገሊኦቶም እምነቶም ክሒዶም፡ ንመናፍስቲ ስሕተትን ንምህሮ ኣጋንንትን ከም ዚሰዕቡ፡ እቲ መንፈስ ብግሁድ ይብል ኣሎ" **ይብል።**

እዚ "ኣፖስተሲያ" ናይታ ቤተ-ክርስትያን ብናይ ክሕደት ትምህርትታትን መደባትን እተሰነየ ይኸውን። ክሕደት ንስላሴ፡ ክሕደት ንወንጌል የሱስ ክርስቶስ፡ ክሕደት ንዳግማይ ሰብኣዊ ምጽኣቱ፡ ምልክት ናይ ምቕራብ ዳግማይ ምጽኣቱ እዩ። ብሓፈሻኡ፡ ክሕደት ዝገንነሉ ዘበን ምልክት ናይ ምቕራብ ዳግማይ ምጽኣቱ እዩ።

ሓንሳእ ንሓዋሩ ብኣምላኽ ተዋሂቡ ክዕቄር ዘለዎ ሕድሪ ኣሎ። ነዚ እዩ ይሁዳ፡ "በታ ሓንሳእ ንቅዱሳን እተዋህበት እምነት ክትጋደሉ ጽሒፈ ክመኽረኩም ናይ ግዲ ኾነኒ" (1፡3)፡ **ዚብል።** እቲ ኣመንቲ ኣጽኒዖም ምእንቲ ኺሕልዉዎን ኺዓቑርዎን ሕድሪ ተባሂሉዎም ዘሎ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ፡ ኸለልዮን ሕድሩ ድማ ኼጽንዕን ሓላፍነት ኣለዎ።

## 3. ነዳይነት እታ ቤተ-ክርስትያን

ነዳይ፡ ዝነበሮ ሃብቲ ስኢኑ ዝደኸየ፡ ዝተቘራመደ፡ ዝኸሰረ፡ ገለ ዘይተረፎ ሰብ የመልክት። እታ ቤተ-ክርስትያን ናይ'ቲ መወዳእታ ዘበናት ድማ ከምኡ፡ መንፈሳዊ በረኸታታ ብብዝሒ ዜጥፍኣት ነዳይ ማሕበር ኺትከውን እያ። እቲ ዜሕዝን ድማ፡ ብዘዐሸዋ ተዓሽያ፡ ነዳይ ምዃና ስለ ዘይተለልዮ፡ ሽሻያት ኣምላኽ ከም ዘለዋ መሲሉዋ እትቕጽል፡ ግና ዘይብላ ቤተ-ክርስትያን ክትከውን እያ። ብዛዕባ በዚ ዘበን መወዳእታ እትህሉ ብኸንቱ ተነያቲት

ቤተ-ክርስትያን ኺዛረብ ከሎ፡ ራእይ ዮሃንስ 3፡14-22 ዚብሎ ነስተብህለሉ።

እንንብረሉ ዘሎና ዘበን፡ ዘበን ማሕበር ሎዲቅያ፡ እቲ መወዳእታ ዘበን ናይ ቤተ-ክርስትያን እዩ። ከም ምዃኑ መጠን ድማ፡ እቲ ቤተ-ክርስትያን እትንየተሉ ከንቱ ነጥብታት ክህልዎ እዩ። ብሚዛን የሱስ ክርስቶስ ግና፡ "ሕሱር፡ ዜደንግጽ፡ ነዳይን ዕዉርን ዕሩቕን ምዃንካ ኣይትፈልጥን ኢኻ ዘሎኻ" ዚበሎም እዮም።

## 4. ዓለማውነት ቤተ-ክርስትያን

ከምቲ መንፈሳዊ ነዳይነት እታ ቤተ-ክርስትያን ሓደ ምልክት ናይ ምቕራብ ዳግማይ ምጽኣቱ ዝኾነ፡ ምዕዛዝ ዓለማውነት ድማ ከምኡ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንክርስትያናት፡ ኣዳዕዲዑ፡ "ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ" ብምባል የጠንቀቖም።

ናይ ብሓቂ ክርስትያንን ዓለማውን ምዃን ዘበት ዘይቋረን መትከል፡ መምርሒ ከም ዝኾነ ርዱእ ክኸውን ኣለዎ። ዮሃንስ ኣብ 1ይ መልእኽቱ 2፡15 ነቶም ናይ ቀደም ኣመንቲ "ሓደኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ፣ ፍቕሪ ኣቦ ይብሉን" ይብሎም። ኣብቲ መወዳእታ ዘበን ግና ምብዛሕ ናይ ዓለማውያን ክርስትያናት ክርአ እዩ።

ዓለማውነት ክብሃል ከሎስ እንታይ እዩ? ዓለማውነት፡ እቲ ክርስትያን ኣማኒ፡ ሰዓብ ክርስቶስ ምዃን እናደለየ ግና ብመገደይ ዝብለሉ ዓይነት ማለት እዩ። ከምቲ "ኣነ ከም ድላየይ" ዝብል ዓይነት ደርፊ እዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ውፉይ ክርስትያን ግና፡ ኣሰር ክርስቶስ እናሰዓበ፡ "ፍቓድካ እምበር፡ ፍቓደይሲ ኣይኹን" ዚብልን ተሓጒሱ ድማ ዜተግብሮን እዩ።

እዚ ኣብቲ መወዳእታ ዘበን ኣዝዩ ውሒዱ ዝረኣየሉ እዩ።

## 5. ትእምርቲ ጸበባ ቤተክርስትያን

እቲ ምዕዛዝ "ኣፖስተሲያ"፡ ነዳይነት፡ ከምኡ ድማ ዓለማውነት ኣብታ ቤተ-ክርስትያን ምልክት (ትእምርቲ) ምቕራብ ናይ ዳግማይ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ክንምልከቶ ጸኒሕና። እሞ፡ ኣብቲ መወዳእታ ዘበንሲ ናይ ሓቂ ክርስትያናትን ማሕበራት ኣመንትን ኣይክህልዉን እዮም ማለት ከም ዘይኮነ ንገንዘብ። ከምቲ ብዘበን ኖህ፡ ንሱን ስድራ ቤቱን ንኣምላኽ እሙናት ዝነበሩ፡ በዚ መወዳእታ ዘበን እዚ ድማ ኣምላኽ ዝእመኖም ደቂ፡ ማሕበሩ ከም ዚህልዉ መጽሓፍ ቅዱስ ኣነጺሩ ዚምህሮ ሓቂ እዩ። ስለዚ እቲ ህልውናን ማሕበርን እሙናት የሱስ ክርስቶስ ከቶ ኣይኪድምሰስን እዩ።

ዶር ጀይምስ ከነዲ ምእንቲ እቶም ዚግፍዑ ክርስትያናት ዝጣበቐ ኣገልጋሊ እዮም። በዚ ዘሎናዮ እዋን ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ዝኾኑ ክርስትያናት፡ ኣብ ምሉእ ዓለም፡ ብግፍዒ ከም ዚቕተሉ ይነግሩ። ኣቐዲሙ እውን እዚ ብትንቢት ተነጊሩ ነይሩ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ፡

> "ሽዑ ንመከራ ኣሕሊፎም ኪህቡኹምን ኪቐትሉኹምን እዮም። ብዛዕባ ስመይ ከኣ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ጽሉኣት ክትኾኑ ኢኹም" (24፡9)።

ኢሉ ኣቐዲሙ ዝነገረሉ፡ ገሌና ንርእዮን ንሰምዖን፡ ገለ ኻልእ ኣመንቲ ድማ ብተመክሮ እንፈልጦ እዩ። እቲ ንኣመንቲ

ዚርህወሎም እዋን ብዳግማይ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ እዩ እሞ፡ ኣሜን፡ ጐይታ የሱስ፡ ንዓ ኢልና ክንጽሊ" ፍቓዱ እዩ (ራእይ 22፡20)።

## 6. ትእምርቲ ሃይማኖት ሓሶታት

ሃይማኖት ንሓዋሩ ኺህሉ፡ ኣይኪ ጠፍእን ድማ እዩ። ኣብዛ ምድሪ፡ በብዓይነቶም ሃይማኖታት ወትሩ ኺህልዉ እዮም። እቲ ሕቶ፡ ኣብዛ ምድርስ እንታይ ዓይነት ሃይማኖት እዩ ዚህሉ እዩ?

እንታይ ዓይነት ሃይማኖት ከም ዚህሉ ድማ ትእምርቲ ምቕራብ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ዝሕብሮ እዩ። ዕላማታቱ ዝሰሓተ ዓይነት ክርስትያን ሃይማኖት ኺገንን እዩ። ከምቲ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ተመሲሉ ዘሎ፡ ሃይማኖት ናይ ክርስትያናት ኢና በሃልቲ፡ ግናኸ ዘይኰኑ፡ ብናይ ዓያሱ ደናግል ክርስትና ተመሲሉ ዘሎ፡ ብምስላ ቀበርቲ መክሊቶም ተመሲሉ ዘሎ፡ ብምስላ ምኣስ ድኣ ፈሊጥና በሃልቲ ተመሲሉ ዘሎ ዓይነት ኺበዝሕ እዩ። ካልእ በብዓይነቶም ናይ ሓሶት ሃይማኖታት ድማ ኺበዝሑ እዮም እሞ፡ ነዚ ብዚምልከት ወንጌል ማቴዎስ 24፡4-5 ማርቆስ 13፡22-23 2ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ 2፡1-3 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ 4፡1-5 ዝሕብርዎ ነስተብህለሉ።

ቀጻሊ ትምህርቲ ----------------------→

## ንጸሊ! ንጸሊ! ንጸሊ!



እቲ ፈቱንኒ ዝበለ ኩሉ ዚኽእል
እግዚኣብሄር
ሰማዕን እሙንን እዩ።
ዝሰኣኖ ድማ የልቦን እሞ፡ ስለ
ሃገርናን ህዝብናን፡ መራሕትን ሰበ
ስልጣናትን ብዘይ ምቁራጽ
ከይተሓለልና ኽንጸሊ ሓላፍነት
ኣሎና።

ስለ እቲ እንነብረሉ ሃገርን፡
ሕብረተ-ሰብን እውን ኣብ ዝሃለና
ሃሊና ብጸሎት ኣብ ቅድሚ ዝፋን
ኣምላኽ ምቕራብ ኣይንረስዕ።

ከምዚ እንርእዮ፡ እቲ ጊዜ ጉያ-ጉያ ዝብል ዘሎ እዩ ዚመስል እሞ፡ ነቲ ዝመጽእ ናይ መበል 26 ዓመታዊ ጉባኤ ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን ብዚምልከት፡ ብቦታ ይኹን ኩሉ ኩነታት፡ እግዚኣብሄር ከምቲ ናይተን ዝሓለፋ 25 ዓመታት ኽገብረልና ኣብ ዘዘላንዮ ንጽሊ። እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ንኽብሩ ዝገብሮ ኣይፍለጥን እዩ እሞ፡ ብዛዕባ እዚ ዓመታዊ ኣገልግሎት እዚ፡ ጊዜ ወሲድና፡ እንተ ብውልቅና ወይ ብሓባር፡ ነሲሕና ንወከሶ። ዝምልሽ ኣምላኽ እዩ፡ እንተ ዘይከውን ነይሩስ እቲ ንእኡ ምምላኽና ከንቱ ምኾነ ነይሩ እሞ፡ ሃየ ኣይንሕመቕ።